(Tigrinya)

# Buffalo Public Schools

## ብማሕበረኮም-ደረጃ ክህሉ ንዝግብኦ ጠባይን ናይ መአረምታ ደገፍቲ ስጉምትታት ኣመልኪቱ ዝተዳለወ መምርሒ

**2022-2025**

## ናይ ተምሃራይ ናይ ስነ ስርዓት ደምቢ

## Dr. Tonja M. Williams
## ናይ ቤት ትምህርትታት ኣመሓዳሪት

**www.buffaloschools.org**

## ናይ ስነ ስርዓት ደምቢ ስለምንታይ የድሊ?

ናይዚ ናይ ስነ ስርዓት ደምቢ (Code of Conduct) ዕላማ ኣብ ውሽጢ ናይ ቤት ትምህርቲ ቀጽሪ፣ ደህንነትን ስነ ስርዓትን ዘደንፍዑ ክህልዉ ንዝግብኦም ጠባያት ኣመልኪቱ ንጹር ዝኾኑ ትጽቢታት ንምድላው እዩ። ተምሃሮ ምእንቲ እቲ ዝበለጸ ክህሉ ዝኽእል ናይ መምሃሪ ከባቢ ምእንቲ ክህልዎም እዚ ክህሉ ዘለዎ ነገር እዩ።

ቤት ትምህርትታት ሓለይቲ ናይ መምሃሪ ማሕበረኮማት ንምግባር፣ ትሕትና፣ ጽቡቕ ጠባይን ንኻልኦት ምሕላይን፣ ምስኡ ኸኣ ብሕታዊ-ዲሲፒሊንን ንብዓል መዝታት ጉብእ ኣኽብሮት ምሃብ ኣድለይቲ ይኾኑ።

## ነዚ ናይ ስነ ስርዓት ደምቢ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ኣብ ምሕጋዝ ተምሃሮ እንታይ ተራ ኣለዎም?

ኣብ ውሽጢ ቤት ትምህርቲ ደህንነትን ስነ ስርዓትን ኣብ ምዕቃብ፣ ከምኡ ውን ነቲ ናይ ስነስርዓት ደምቢ ኣብ ምትግባር፣ ተምሃሮ ኣስዩ ኣገዳሲ ተራ እዮም ዝጻወቱ። ቤት ትምህርቲ ናይ መምሃሪ ቦታኹም እዩ፣ ነዚ ቦታ ደህንነቱ ንምሕላውን ፍሪያማ ንምግባርን ናታትኩም ሓገዝ ኣድላዪ እዩ።

ንዝፍጸሙ ምጥሓሳት ናይ ስነ ስርዓት ደምቢ፣ ተምሃሮ ብቁልጡፍ ንመምህር፣ ዳይሪክተር ወይ ካልእ ናይ ቤት ትምህርቲ ሰራሕተኛ ኣባል ክሕብሩ ይግባእ። እዚ ኸኣ፣ መሳርያ፣ ኣልኮላዊ መስተ ወይ ዘይሕጋዊ ዕጽታት ካልኦት ተምሃሮ ኣብ ቀጽሪ ቤት ትምህርቲ (ናይ ቤት ትምህርቲ ኣውቶቡስ) ወይ ናይ ቤት ትምህርቲ ንጥፈታት ሒዞም እንተ ርእዮም ማለት እዩ።

## ኣብ ልዕሊ ተምሃሮ ዘለዉ ትጽቢታት እንታይ እዮም?

ኩሎም ተምሃሮ ጉቡእን ምቕሉል ብዝኾነ ኣገባብ፣ ንደህንነትን ኩነታት ናይ ካልኦት ኣብ ጉቡእ ግምት እናእተዉ ንነፍሶም ክመርሑ ትጽቢት ይግበረሎም።

ብመሰረት ናይቲ ስነ ስርዓት ደምቢ፣ ከም ተምሃራይ መጠን እዞም ዝስዕቡ ትጽቢት ይግበሩልካ፤

- ዓቕምኻ ክንድቲ ዝፈቕዶ መጠን ንኽትሰርሕን ነቲ ዝለዓለ ናይ ዓወት ደረጃ ንኽትጽዕር።
- ቤት ትምህርቲ መዓልታዊ ንኽትመጽእ፣ ኣብ ሰዓትካ ቤት ትምህርቲ ንኽትርከብን ንኽትምሃር ተዳሊኻ ክትመጽእን።
- ንጉቡእ ኣከዳድና ተምሃራይን ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣጠቃቕማ ደምቢ ወሲኽካ፣ ንዘለዉ ጉቡእ ናይ ተምሃራይ ደምብታት ክትስዕብ።
- ናብ ዲሲፐሊንዊ ስጉምቲ ክምርሑ ንዝኽእሉ ጸገማት ንምፍታሕ ካብ ናይ ቤት ትምህርቲ ሰራሕተኛታት ሓገዝ ምሕታት (ናይ ቤት ትምህርቲ ካውንስለር፣ ሶሻል ዎርከር፣ ናይ Say Yes ሰራሕተኛታት)።
- ንመምሃራን፣ ኣመሓደርቲ፣ ካልእ ናይ ቤት ትምህርቲ ሰራሕተኛታት፣ ከምኡ ውን መማህርትኻ ኣኽብሮት ብዝተመልአ ፣ ኣዎንታዊ ብዝኾነ ኣገባብ ከተአንግድ።
- ንተግባራትካ ሓላፍነት ክትስከም።
- ኣብ ልዕሊ ኻልኦት ሓደጋ ወይ ማህሰይቲ ካብ ምስዓብ ንምኽልካል ዝሕግዝ ዝኾነ ሓበሬታ ንናይ ቤት ትምህርቲ በዓል መዝታት ሪፖርት ምግባር።
- ንኹሉ ዝተዋህበ ናይ ክፍሊ ዕዮ ምፍጻም።
- ንጠለባት ናይ ቤት ትምህርቲ ኣመሓደርቲ፣ ሰራሕተኛታትን ካፋልቲን ምስማዕ።
- ንብረት ናይ ቤት ትምህርቲ ብኣኽብሮት ምሓዝ።
- ስነ ስርዓቱ ዝሓለወ ቃላት ምጥቃም።

## ናይ ስነ ስርዓት ደምቢ ምጥሓስ እንተ ኣጋጢሙ ክግበሩ ዘለዎም፤

- ንመምህርካ ተዛረብ
- ናብ Student Support Team (SST) ቤት ጽሕፈት ንኽትከይድ ሕተት
- ክሳዕ 10 ቁጸር
- ናብ ውሽጢ ኣዕሙቕ ኣቢልካ ኣተንፍስ
- ንሓደ ኣባል ሰራሕተኛ ናይ ቤት ትምህርቲ ሓገዝ ሕተት
- ኣብ እዋን ጸገማት ክሕግዘካ ዝኽእል መደብ ምስ መምህርካ ኾይንካ ኣዳልው
- ንናይ ትምህርቲ ግዜ ተዳሎ
- ኣብ ክፍሊ ኣብ ሰዓትካ ተረኺብን ንዕዩ ተዳሊኻ ምጻእ
- ኣብ ኩሉ እዋናት ኣብቲ ዝተመደብካሉ ቦታ ኹን
- ንወለድኻ፣ ኣቦ ሓጎታትካ፣ ወይ ካልእ ኣባላት ስድራቤት ተዛረብ

## ከም ተምሃራይ ዘለዉኒ መሰላትን ሓላፍነታትን ኣየኖት እዮም?

**ተምሃሮ እዞም ዝስዕቡ መሰላት ኣለዉዎም፤**

- ኣብቲ ሕጋዊ ኣላዩኦም ወይ መጉዚቶም ዝነብረሉ ዲስትሪክት፣ ናብ ቤት ትምህርቲ ምኻድን፣ ብናጻን ጉቡእ ዝኾነ ብመንግስቲ ዝውሃብ ትምህርቲ ካብ 5 ክሳዕ 21 ዓመት ኣብ ዘሎ እዋን፣ ሕጊ ብዝፈቐዶ መሰረት ምርካብ።
- እቲ ቤት ትምህርቲ ካብ ሓደጋ ናጻ፣ ስነ ስርዓቱ ዝሓለወን ኩሎም ተምሃሮ ትምህርቲ ንኽቀስሙን ፍትሓዊ ብዝኾነ ኣጠማምታ ንኽርኣዩ ምእንቲ ብመደብ ዝተዳለወ ንክኸውን ትጽቢት ምንባር።

- ከም ግለሰብ፣ ብኣኽብሮትን ምቕሉልን፣ ፍትሓዊ ብዝኾነ ኣገባብ ብኻልኦት ተምሃሮን ብሰራሕተኛታት ናይቲ ቤት ትምህርቲ ንኽትጥመት።

- ንዝለካ ርእይቶ ብቃል ወይ ብጽሑፍ ናይ ምግላጽ።

- ንባሕሪኻ ክገልጽ ብዝኽእል መልክዑ ንኽትክደን።

- ማዕረን ጉቡእን ዝኾነ ናይ ትምህርታዊ ዕድላት ንኽህልወካ።

- ናትካ ዘርኢ፣ ሕብሪ፣ እምነት፣ ሃይማኖት፣ ሃይማኖታዊ ልምድታት፣ ጾታ፣ ጾታዊ ዝንባለ፣ ጾታዊ መለለዪ፣ መበቆል ሃገር፣ ቀቢላዊ ግሩፖ፣ ፖለቲካዊ ምትእስሳር ወይ ስንክልና ብዘየገድስ፣ ኣብ ኩሉ ናይ ቤት ትምህርቲ ንጥፈታት ብማዕረ ንኽትሳተፍ።

- ብዛዕባ ዕጺን ኣልኮላዊ መስተን ካብ ኣግባብ ወጻኢ ምጥቃም ኣመልኪቱ ንዘለዉ ዝምልከቶምን ኣብ ጭብጢ ዝተመርኮዙ ሓበሬታታት ናይ ምርካብን፣ ጽንኩር ብሕታዊ ጸገማት ንዘለዎም ተምሃሮ ብቀጥታ ዝውሃብ ደገፋት ክህቡ ምስ ስኽእሉ ወሃብቲ ኣገልግሎት ግለሰባት ወይ ኤጀንሲታት ናይ ምርኻብ።

- ብምኽንያት ዘሎካ ወይ ይህልወካ ይኸውን ዝብል ግንዛቤ ናይ ዘርኢ፣ ሕብሪ፣ ሚዛን፣ ቀቢላዊ ግሩፖ፣ ሃይማኖት፣ ወይ ሃይማኖታዊ ልምድታት፣ ጾታ/ጾታዊ መለለዪ፣ ጾታዊ ዝንባለ፣ ወይ ስንክልና ብዘየገድስ፣ ኣብ ውሽጢ ቀጽሪ ናይ ቤት ትምህርቲ ወይ ቤት ትምህርቲ ስፖንሰር ኣብ ዝገብሮም መደባት፣ ተግባራት ወይ ንጥፈታት፣ ብሰራሕተኛታት ወይ ተምሃሮ ካብ ዝፍጸሙ ናይ ምድሃል ወይ ምድላው ተግባራት ምሕላው።

## ተምሃሮ እዞም ዝስዕቡ ሕላፍነታት ኣለዉዎም፤

1. ናብ ቤት ትምህርቲ መዓልታውን ኣብ ሰዓቱ ምምጻእ፣ ንዝተዋህቡ ዕዮታት ምስራሕ፣ ዓቕሚ ብዝፈቐዶ ብዝለዓለ ናይ ንጥፈት ደረጃ ምስራሕ፣ ንኽትምሃር ተዳሊኻ ምምጻእን፣ ጽቡቕ ትምህርቲ እትረኽበሉ ዕድል ንኽውሃበካ
2. ምስ ጠባይ ናይ ተምሃሮ ንዘመሓድሩ መምርሕታትን ትጽቢታትን ኩሎም ምልላይን ብመሰረት እዞም መምርሒታት ንነፍሶም ክመርሑ

3. ኣብ ውሽጢ ማሕበረኮም ቤት ትምህርቲ ንዘሎ ኹሉ ሰብ ብኣኽብሮት ምጥማትን ከምቲ ንስኻ ክትእንገዶ እትደልዮ ኣገባብ ጌርካ ንኻልኦት ከተአንግድ

4. ንኻልኦት ሰባት ከየቆጣዕካ፣ ስሞም ከየጥፋእካ፣ ወይ ንመሰላቶም ወይ ሓለፋታቶም ከይደረትካ፣ ኣኽብሮት ብዝተመልኦ ኣገባብ ንርእይቶኻን ሓሳባትካን ምግላጽ

5. ብመሰረት ናይ ኣከዳድና መምርሒ፣ ንኣካላዊ ጥዕና፣ ደህንነት ኣብ ጸገም ብዘየውድቕ፣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣብ ዝግበሩ ንጥፈታት ንተሳተፍነት ብዘይድርት ወይ ካብ ጉቡእ ወጻኢ ሓሳብ ክዝሰርቕ ብዘይኽእለሉ ኣገባብ፣ ብጉቡእ ንኽትከደኑ

6. ሓደ ሰብ ንዘለዎ ዓቕምታት ብዝለዓለ ደረጃ ንኽጥቀመሉን ከማዕብሎን ምእንቲ ክኽእል ንዘልወኡ ናይ ትምህርታዊ መደባት ኣፍልጦ ከም ዝረክብ ምግባር

7. ኣብ ኣካዳሚካዊን ካብ ትምህርቲ ወጻኢ ኣብ ዝግበሩ ንጥፈታት፣ ዓቕሚ ብዝፈቐዶ መገዲ ኣብሊጽካ ምስራሕን፣ ንኻልኦት ብፍትሓዊ ኣገባብ ምጥማትን ምድጋፍን

**8.** ብሕታዊ ጸገማት ኣብ ምፍታሕ፣ ብዛዕባ ዘለዉ ሓበሬታታትን ኣገልግሎታትን ኣፍልጦ ክህልወካን፣ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ከኣ ሓገዝ ምሕታት

**9.** ነንሕድሕድ ምኽብባርን ንኻልኦት ብመሰረት ናይቲ ዲስትሪክት ናይ ስነ ስርዓት ደምቢን መምርሕታትን ናይ Dignity Act፣ ፍትሓዊ ብዝኾነ ኣገባብ ምእንጋድ።

**10.** ካብ ምድሃል፣ ምስርጣይ ወይ ኣድልዎ ናጻ ዝኾነ ከባቢ ከደንፍዕ ብዝኽእል ጠባይ ክህልዎም

**11.** ንዝኾነ ናይ ምድሃል፣ ምስርጣይ ወይ ናይ ኣድልዎ ተግባር ኣብ ዝዕዘቡሉ እዋናት ሪፖርት ንኽገብሩን፣ ንኽግካልኦት ሪፖርት ንኽገብሩ ምትብባዕ።

## ኣነ ክስዕቦ ዘለኒ ናይ ኣከዳድና ደምቢ እንታይ እዩ?

ኣብ ናይ ቤት ትምህርቲ ቀጽሪ ወይ ኣብ ናይ ቤት ትምህርቲ ንጥፈታት ከለኻ፣ ናይ ኣከዳድና ደምቢ ኣስዩ ኣገዳሲ እዩ። ናብ ቤት ትምህርቲ ንምኻድ ኣብ እትዳለወሉ እዋን፣ ብጉቡእ ኣገባብ ክትክደን ከም ዘሎካ ከተስተብህል ይግባእ። ማለት ንናይ ምህሮ መስርሕ ብዘይዘርግን ብዘየተዓናቅፍን መገድን፣ ነቲ ሞያዊ ናይ ምህሮ ከባቢ ብዘኽብር ኣገባብ ክኸውን ይግባእ። ንኣብነት፤

- ብውሽጡ ኽርኢ ዘይኽእል፣ ኣዝዩ ጥብቕ ዝበለ ወይ ኣዝዩ ሓጺር ክዳውንቲ (ኩሉ ስረ፣ ቀሚሽ፣ ቁምጣታትን ናይ ላዕሊ ክዳውንቲ ወሲኽካ) ኩልኩል እዩ።
- ንኹሉ ናይ ውሽጢ ኽዳውንቲ ጉቡእ ብዝኾነ ናይ ደገ ኣልባሳት ሸፍን። እዚ ኽኣ፣ ንስረታት ኣብ መዓንጣኻ ጌርካ ምኽዳን የካትት።

- ኣብ ሓደጋ ዘየውድቕን ጉቡእ ናይ እግሪ ኣልባሳት ምግባር። ጉቡእ ዘይኮኑ ናይ እግሪ ኣልባሳት ክብሃል ከሎ ብድሕሪት መትሓዚ ንዘይብሎም ጫማታት የካትት፣ እንተኾነ ግን ብዚኣቶም ጥራሕ ዝሕጸር ኣይኮነን(ማለት፣ ሸበጣት፣ ናይ መደቐሲ ስካርባታት)። ብሰነድ ንዝተደገፉ ናይ ሕክምና ኩነታት ጥራሕ ፉሉይ ፍቓድ ክህሉ እዩ።

- ብሕክምና ወይ ሃይማኖታዊ ምኽንያታት ንዝተፈቕዱ ናይ ርእሲ መሸፈንታት ጥራሕ ግበር።

- ጽልኢ፣ ጽዩፍ፣ ብዕሉግን ኣጸላሚ ወይ ንኻልኦት ዘናሽው፣ ወይ ኣብ ቤት ትምህርቲ ህውከት ብምፍጣር ነቲ ናይ ምህሮ መደብ ዝዕንቅፉ ክዳውንቲ ኩልኩላት እዮም።

- ናይ ኣልኮላዊ መስተ፣ ቶባኮ፣ ወይ ካልኦት ሕጋዊ ዘይኮኑ ዕጽታት ዘበረታትዑን/ወይ ዝድግፉን/ወይ ንኻልኦት ዘይሕጋዊ ወይ ጎንጻዊ ንጥፈታት ዘበረታትዑ ክዳውንቲ ኩልኩላት እዮም።

- ቆብዕ ዝተላገቦም ክዳውንቲ (ወይ “ሁዲስ”) ምኽዳይ ይከኣል እዩ፣ እንተኾነ ግን ኣብ ውሽጢ ሕንጻ ኣብ እትህልዉሉ እዋናት ነቲ ሁዲ ኩሉሳዕ ናብ ታሕቲ ክትገብሩዎ ይግባእ።

- ከም መሳርያ ክርኤ ዝኽእል መጋየጺ ኣይትግበሩ። ቁልፊ ክዕጠቕ ኣለዎ።

- ምስ ናይ ጋንግ ኣባልነት ምልክት ርክብ ዘለዎ ወይ ክልለ ዝኽእል ክዳን ኣይትግበሩ።

*****ምልክታ--ነቲ ናይ ኣከዳድና ደምቢ ዝጠሓሱ ተምሃሮ፣ ነቲ ዘይቅቡል ክዳን ብምሽፋን ወይ ብምልጋስ፣ ኣድላዪን/ወይ ዝከኣል እንተ ኾይኑ ኸኣ፣ ብኻልእ ቁቡል ኣማራጺ ከም ዝቕይሩዎ ኽግበሩ እዮም። ነዚ ንኽገብር ፍቓደኛ ዘይኮነ ዝኾነ ተምሃራይ፣ ብመሰረት እቲ ብማሕበረኮም-ደረጃ ክህሉ ንዝግብኦ ጠባይን ናይ መእረምታ ደገፍቲ ስጉምትታት ኣመልኪቱ ዝተዳለወ መምርሒ ክቕጻዕ እዩ። ናይ ኣከዳድና ደምቢ ምጥሓሳት፣ ክፍጠር ንዝኽእል ብጾታ ደረጃ ናይ ትምህርታዊ ዕድላት ኣፈላላይ ከምርሕ የብሉን።**

## ኣጠቓቕማ ኤሌክትሮኒክዊ ናውቲ ኣመልኪቱ እቶም መምርሕታት እንታይ እዮም?

ካብ ሓደ ተምሃራይ ሴል ፎን እንተ ተወሲዱ(ሃጊሩ)፣ ሰራሕተኛታት ነቲ/ቶም ወላዲ/ወለዲ/ሞግዚት/ታት ናይቲ ተምሃራይ ክሕብሩን፣ ንዉሉዶም ካልእ መገዲ (ናይ መራኸቢ መገዲ) ከም ዘዳልዉ ክገብሩ እዮም። እቲ ኣብ ናይ Buffalo Public Schools ናይ ስነ ስርዓት ደምቢ ዘሎ፣ ንምህጋር ኣመልኪቱ ዝወጸ መምርሒ፣ ሰራሕተኛ ብቁልጡ ንወለዲ/መጉዚታት ንክሕብሩ ይሓትት።

- ናይ ብሕቲ ኤሌክትሮኒካዊ ናይ መራኸቢ ናውቲ (ከም ሴልፎናት፣ ኣይይፖዳት፣ ኣይፓዳት፣ ላፕቶባት፣ ታብሌታት፣ ወዘተ) ወይ ኤሌክትሮኒክ ናይ ጌይም ናውቲ (X-Box፣ PlayStation፣ ወዘተ) ሒዝካ ምምጻእ ናይቲ ተምሃራይን/ወይ ናይቲ ተምሃራይ ወላዲ/መጉዚት ውሳነ እዩ።
- ኣብ ቀጽሪ ቤት ትምህርቲ ውሽጢ ንዝህሉ ዝኾነ ዓይነት ናይ ናውቲ ምብልሻው፣ ምዕናው፣ ስርቂ ወይ ምጥፋእ እቲ ዲስትሪክት ብሓላፍነት ከም ዘይሕተት ተምሃሮ፣ ወለድን መጉዚታትን ክፈልጡ ይግባእ።
- ኣብ ቀጽሪ ቤት ትምህርቲ ምስ ኣተዉ፣ ኩለን ሴልፎናት ኣብ ናይ ተምሃራይ ሎከር ክቕመጣ ይግባእ። እታ ሴልፎን "OFF" ተገይራ ወይ ከም ዘይትሰርሕ ተጌይራ ክትቅመጥ ኣለዋ።
- ተምሃሮ ኣብ ቀጽሪ ቤት ትምህርቲ ወይ ኣብ ናይ ቤት ትምህርቲ ኣውቶቡስ ሴልፎናት ክሕዙ ወይ ክጥቀሙ የብሎምን።
- ኣብ ውሽጢ ናይ ቤት ትምህርቲ ቀጽሪ ሴልፎን ሒዙ ወይ ክጥቀም ዝተራእየ ተምሃራይ፣ ንብረቱ በቲ ናይቲ ቤት ትምህርቲ ዲስትሪክት ምሕደራ ወይ ደህንነት/ወርድያ ሰራሕተኛ ክውሰዶ እዩ።

- ኣብ ውሽጢ ቀጽሪ ናይ ቤት ትምህርቲ ናውቲ እንተ ተሃጊሮም፣ ወላዲ/መጉዚት ንብረት ንኽምልስ ምስቲ ናይ ህንጻ ኣመሓዳሪ ክራኸብ ይግባእ።

- ሓደ ተምሃራይ ብተደጋጋሚ ነዚ ፖሊሲ እንተ ጥሒሱ፣ እታ ናውቲ ክትህገርን ናብቲ District Safety/Security Office ክትውሰድ እያ። እቲ ወላዲ/መጉዚት ነቲ ንብረት ንኽምልስ ነገራት ከመቻችእ ኣለዎ። ተምሃሮ ብመሰረት ናይ Buffalo Public Schools ናይ ስነ ስርዓት ደምቢ ክቅጽዑ ይክእሉ እዮም።

- ኣጸያፊ፣ ፖርኖግራፊ፣ ብዕሉግ ወይ ሕጋዊ ዘይኮኑ ምስልታት ወይ ስእልታት፣ እንተ ብናይ ኤሌክትሮኒክ ዳታ ምምሕልላፍ (ዋየርለስ ናይ መራኸቢ ናውቲ) ወይ ብኻልእ መገድታት (ብዘልማድ ቴክስቲንግ፣ ሴክስቲንግ፣ ኢሜይል፣ ወዘተ ተባሂሎም ዝጽውዑ) ምስኣል፣ ምቅላሕ፣ ምምሕልላፍ ወይ ምልውዋጥ፣ ብመሰረት ናይ ስቴትን/ወይ ፌደራላዊ ሕግታት ወንጀል ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣጸያፊ፣ ፖርኖግራፊ፣ ብዕሉግ ወይ ሕጋዊ ዘይኮኑ ምስልታት ወይ ስእልታት፣ ዝሰኣለ፣ ዘቃልሐ፣ ዘመሓላለፈ፣ ወይ ዝተለዋወጠ፣ ዝኾዕነ ሰብ ብመሰረት ዲሲፒሊናዊ መምርሒ ናይቲ ቤት ትምህርቲ ዲስትሪክት ክቕጻዕን፣ ናብ ኣኸበርቲ ሕጊን/ወይ ጉቡእ ናይ ስቴትን ፌደራላዊ ኤጀንሲታት ሪፖርት ክግበር እዩ። እዚ ኸኣ ማእሰርቲ፣ ናይ ገበን ክሲን፣ ኣብቲ ናይ ጾታዊ መጥቃዕቲ ገበነኛታት ዝምዝገቡሉ መዝገብ **ንሙሉእ ህይወት** ምምዝጋብ ከስዕብ ይኽእል።

- ፖሊስ፣ ናይ መንግስቲ ኤጀንሲታት ናይ ሕጊ/ኣኸበርቲ በዓል መዝታት፣ ናይ ቤት ትምህርቲ ደህንነት/ሓለዋን ከምኡ ውን ናይ ቤት ትምህርቲ ሓለዋ ሰራሕተኛታት፣ ጉቡእ ዕዮታት ንምፍጻም ንዘሎ ናይ መራኸቢ ናውቲ ክወስዱን ክጥቀሙሉ ስልጣን ኣለዎም።

*****ምልክታ-- እቲ ዲስትሪክት ንትምህርታዊ ዕላማታት ጥራሕ ኣብ ውሽጢ ክፍል ሴልፎን ብጉቡእ ንምጥቃም ፍቓድ ክህብ ይኽእል እዩ።**

**ናይ ኤሌክትሮኒካዊ ናውቲ ንምጥቃም ፍቓድ ዝውሃብ በቲ ናይቲ ቤት ትምህርቲ ዳይሪክተር ጥራሕ እዩ።**

## ናይ መኣረምታ መልስን ደረጃታትን

ተምሃሮ ነቲ ኣብ ናይ Buffalo Public Schools ናይ ስነ ስርዓት ደምቢ ተረቒሖም ዘለዉ ናይ ጠባይ ትጽቢታት ኣብ ዝጥሕሱሉ እዋናት፣ ናይ ቤት ትምህርቲ ሰራሕተኛታትን ዳይሪክተራትን፣ ሚዛናዊ፣ ጉቡእን ብዝተቃደወ መገዲ መልሲ ክህቡሉ እዮም።

ናይ ስነ ስርዓት ደምቢ ምጥሓሳት ምስ ዝፍጸሙ ክውሰዱ ዝኽእሉ ደረጃ 4 ስጉምትታት ኣብቲ ናይ ስነ ስርዓት ደምቢ ተኻቲቶም ይርከቡ። ነፍስ ወከፍ ምጥሓስ ምስ ሓደ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ናይ መኣረምታ ወይ መልሲ ደረጃ ከም ዝምደብ ተገይሩ ኣሎ።

ዳይሬክተራትን ናይ ቤት ትምህርቲ ሰራሕተኛታትን ምስ ነፍስ ወከፍ ጠባይ **ይሳነ ተባሂሉ ንዝተመደበ ደረጃ ጥራሕ** ክጥቀሙ ይግባእ።

**እንተድኣ ጉቡእ ዘይኮነ ወይ ህውከት ዝተመልኦ ጠባይ ተራእዩ እሞ ናይ ክልተ ወይ ካብኡ ንላዕሊድ ደረጃታት ተዋሂቡዎ፣ ብዝተኻእለ መጠን እቲ ዝተሓደ ደረጃ ዘለዎ ናይ መኣረሚን ዲሲፒሊናዊ ስጉምቲ መጀመርታ ክውሰድ ይግባእ።**

ንኣብነት፣ ሓደ ተምሃራይ መምርሒ ምስዓብ እንተ ኣብዩ፣ ናይ ቤት ትምህርቲ ሰራሕተኛታትን ዳይሬክተራትን፣ ቅድሚ ናብ ደረጃ 2 ምስጋሮም፣ ኣብ ደረጃ 1 ንዘለዉ ናይ መኣረሚ ስትራተጂታትን ስጉምትታትን መጀመርታ ክጥቀሙ ይግባእ።

ዳይሬክተራትን ናይ ቤት ትምህርቲ ሰራሕተኛታትን ንዝተራእየ ናይ ተምሃራይ ጠባይ መልሲ ኣብ ዝህቡሉ እዋን፣ ንዝተፈላለዩ ረቛሒታት ኣብ ግምት ከእትዉ ይግባእ። እዞም ዝስዕቡ ገጻት፣ ንመኣረሚን ናይ ስጉምቲ ደረጃታት ኣመልኪቱ ተወሳኺ ሓበሬታታት ይህቡ።

## ካብ ጉቡእ ወጻእን ዘሪጋ ጠባያትን ናይ ስጉምቲ ደረጃታት

| መፍትሕ፤ ኣቐዲምካ ንዝተጠቕሰ ዝተሓተ ደረጃ ተጠቀም | | | |
|---|---|---|---|
| **ደረጃ 1.** ናይ ክፍሊ ሓገዝን ናይ ተምሃሮ ሓገዝ ወሃቢ ጋንታ፤ ተምሃራይ ቅድም ሕጂ ዝፈጸሞም ተግባራት እንተዘይነበሩ'ሞ፣ ዝተወሰዱ ስጉምትታት እንተ ዘይተነበሩ፣ ጉቡእ ክኸውን ይኽእል | **ደረጃ 2.** ጉቡእ ኣተገባብራ፤ ንዝርአ ጠባይ መልሲ ንምሃብ ኣብ ክፍሊ ደገፋት ተገይሮም እንተ ነይሮም ግናኸ እቲ ዝርአ ጠባይ ንምህሮ ናይ ተምሃሮን ካልእን ባሉታዊ ምጽላው እንተ ቀጺሉ፣ ጉቡእ ክኸውን ይኽእል | **ደረጃ 3.** ናይ ሓጺር እዋን እገዳ፤ መኣረሚ ተግባራትን ደገፋትን ተገይሮም እንተነይሮም ግናኸ ዝተርአየ ጠባይ እንተ ተደጊሙን ገዲዱ፣ ጉቡእ ክኸውን ይኽእል | **ደረጃ 4.** ናይ ነዊሕ እዋን እገዳ ንኸግበር ምሕታት፤ ናይ ተምሃራይ ጠባይ ንደህንነት ናይ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘለዉ ካልኦት ሰባት ኣበርቲዑ ዝጸሉ እንተኾይኑ፣ ጉቡእ ክኸውን ይኽእል |

| ካብ ጉቡእ ወጻኢ ወይ ዘሪጋ ጠባይ | ደረጃ 1 | ደረጃ 2 | ደረጃ 3 | ደረጃ 4 | ናብ ፖሊስ/ማኸበረኮማዊ ኤጀንሲ ሪፈር ክግበር ይኽእል ይኸውን |
|---|---|---|---|---|---|
| **#1. ብኩራት** | | | | | |
| ● ካብ ቤት ትምህርቲ ብዘይፍቓድ ምብኳር | ● | | | | |
| ● ቀጻሊ ወይ ካብ ጉቡእ ንላዕሊ ካብ ትምህርቲ ምብኳር | ● | ● | | | |
| ● ኩሉሳዕ ብኩራት (ማለት፣ ሕጊ ዝጠሓሰ ንልዕሊ 20 ሚእታዊት ናይ ዝኾነ ነጥቢ ዝውሰደሉ እዋን፣ ኳርተር ወይ ዓመት ካብ ትምህርቲ ምብኳር) | ● | ● | | | |
| **#2. ኣካዳሚካዊ ቅጥፈት** | | | | | |
| ● ምቅዳሕ ወይ ሓሳባት ምስራቕ (PreK-8) | ● | ● | | | |
| ● ምቅዳሕ ወይ ሓሳባት ምስራቕ (9-12) | ● | ● | ● | | |
| **#3. ኣልኮላዊ መስተ** | | | | | |
| ● ኣብ ትሕቲ ጽልዋ ምዃን | | ● | ● | ● | ● |
| ● ምጥቃም ወይ ምሓዝ | | ● | ● | ● | ● |
| ● ምክፍፋል ወይ ምሻጥ | | | | ● | ● |
| **#4. መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ተምሃራይ (ምህራም፣ ምቅላዕ፣ ወይ ብጉስጢ ንኻልእ ተምሃራይ ብዘይ መተንቀቕታ ወይ ነገር ክይተደሊኻ ምህራም)** | | | | | |
| ● ማህሰይቲ የለን (ዝርአ፣ ኣካላዊ ማህሰይቲ የለን፣ ዘቤታዊ ዓመጽ ወይ ኣብ መንጎ ተቋረንቲ ንዘለዉ ዘይምርድዳኣት የካትት) | | ● | ● | | |
| ● ኣካላዊ ማህሰይቲ ን PreK ክሳዕ 4ይ ክፍሊ | | ● | ● | ● | |
| ● ኣካላዊ ማህሰይቲ ን 5ይ ክሳዕ 12 ክፍሊ | | | ● | ● | ● |
| **#5. ቦምብ ጌርካ ምፍርራሕ** | | | | | |
| ● PreK ክሳዕ 4ይ ክፍሊ | | ● | ● | ● | ● |
| ● 5ይ ክሳዕ 12 ክፍልታት | | | | ● | ● |

| | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|
| **#6. ናይ ምድሃል ተግባር (ሳይበር-ቡሊዩንግን ምስ ጋንግ-ርክብ ዘለዎም ፍጻመታት የካትት)** | | | | | |
| ● ዘፈራርሕ ወይ ከቢድ ናይ ምድሃል ተግባርን ንስርዓታዊ ናይ ቤት ትምህርቲ ዕዮ ኣዝዩ ዝዘርግ፣ ኾን ኢልካ ዝርአ ጠባይ (ብቃል፣ ኣካላዊ፣ ወይ ብጽሑፍ ዝተቃለሐ ስነ ምግባር ዘካተተ) ወይ ብመገዲ ኤሌክትሮኒክ ዝመሓላለፍ ሓበሬታ | ● | ● | ● | | |
| ● ብርትዕ ዝበለ ናይ ምድሃል ተግባር ብርቱዕ ናይ ምድሃል ተግባር (ማለት፣ ንሓደ ካልእ ተምሃራይ፣ ኣብ ትምርቲን ካብ ትምህርቲ ወጻኢ ኣብ ዘለዉ መደባት ንምስታፍ ወይ ካብኡ ንኽጥቀም ንዘለዎ ተኽእል ክጸሉ ዝኽእል፣ ንውሕ ኣብ ዝበለ እዋን፣ ብተደጋጋሚ ኾን ኢልካ ዝግበሩ ኣሉታዊ ተግባራታ) | | ● | ● | ● | ● |

## ካብ ጉቡእ ወጻእን ዘሪጋ ጠባያትን ናይ ስጉምቲ ደረጃታት

| መፍትሕ፤ ኣቐዲምካ ንዝተጠቕሰ ዝተሓተ ደረጃ ተጠቀም | | | |
|---|---|---|---|
| **ደረጃ 1**. ናይ ክፍሊ ሓገዝን ናይ ተምሃሮ ሓገዝ ወሃቢ ጋንታ፤ ተምሃራይ ቅድም ሕጂ ዝፈጸሞም ተግባራት እንተዘይነበሩ'ሞ፣ ዝተወስዱ ስጉምትታት እንተ ዘይተነበሩ፣ ጉቡእ ክኸውን ይኽእል | **ደረጃ 2.** ጉቡእ ኣተገባብራ፤ ንዝርአ ጠባይ መልሲ ንምሃብ ኣብ ክፍሊ ደገፉት ተገይሮም እንተ ነይሮም ግናኸ እቲ ዝርአ ጠባይ ንምህሮ ናይ ተምሃሮን ካልእን ባሉታዊ ምጽላው እንተ ቀጺሉ፣ ጉቡእ ክኸውን ይኽእል | **ደረጃ 3.** ናይ ሓጺር እዋን እገዳ፤ መኣረሚ ተግባራትን ደገፉትን ተገይሮም እንተነይሮም ግናኸ ዝተርእየ ጠባይ እንተ ተደጊሙን ገዲዱ፣ ጉቡእ ክኸውን ይኽእል | **ደረጃ 4.** ናይ ነዊሕ እዋን እገዳ ንኽግበር ምሕታት፤ ናይ ተምሃራይ ጠባይ ንደህንነት ናይ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘለዉ ካልኦት ሰባት ኣበርቲዑ ዝጸሉ እንተኾይኑ፣ ጉቡእ ክኸውን ይኽእል |

| ካብ ጉቡእ ወጻኢ ወይ ዘሪጋ ጠባይ | ደረጃ 1 | ደረጃ 2 | ደረጃ 3 | ደረጃ 4 | ናብ ፖሊስ/ማኸበረኮማዊ ኤጀንሲ ሪፈር ክግበር ይኽእል ይኸውን |
|---|---|---|---|---|---|
| **#7. ኣብ ኣውቶቡስ ዝፍጸሙ ምጥሓሳት** | | | | | |
| ● ኣብ ኣውቶቡስ ዝፍጸሙ ነኣሽቱ ዘሪጋ ተግባራት (ምብላዕ፣ ምስታይ፣ ዓው ምባል፣ ደው ምባል ዘካተተ) | ● | ● | | | |
| ● ኣብ ኣውቶቡስ ዝፍጸሙ ኣኣበይቲ ዘሪጋ ተግባራት (ምብኣስ፣ ነገራት ምድርባይ፣ ንኣውቲስታ ናይ ኣውቶቡስ ምድዋሽ፣ ናይ ሃንደበታዊ እዋን ማዕጾታት ምኽፋት ዘካተተ) | | ● | ● | ● | ● |
| **#8. ናይ ትምህርቲ ክፍለ ግዜ ኣቛሪጽካ ምውጻእ** | | | | | |
| ● ብተደጋጋሚ፣ ኾን ኢልካ ኣብ ምዱብ ናይ ትምህርቲ እዋን ዘይምርካብ | ● | ● | | | |
| **#9. ኣብ ክፍሊ ውሽጢ ረብሻ** | | | | | |
| ● ዓው ኢልካ ወይ ብዘይ ተራኻ ምዝራብ፣ ነገራት ምድርባይ፣ ንኻልኦት ተምሃሮ ነገር ምድላይ፣ ምዕግርጋር ወይ ምሕጫጭ፣ ከምኡ ውን ንተምሃራይ ካብ ምህሮ ክሰርቅዎ ዝኽእሉካልእ ጠባያት | ● | ● | | | |
| **#10. ኣብ ልዕሊ በዓል መዝታት ምሕንጋድን/ ወይ ዘይተኣዛዝነትን** | | | | | |
| ● መምርሒታት ዘይምስዓብ | ● | ● | | | |
| ● ናይ ቤት ትህርቲ ሰራሕተኛታት ንዘቕረቡዎም ሕቶታት ወይ ጠለባት መልሲ ዘይምሃብ | ● | ● | | | |
| ● መምርሕታት ብዘይ ምስዓብ ምኽንያት ኣብ ልዕሊ ነፍስኻ ወይ ካልኦት ሰባት ሽግር ወይ ማህሰይቲ እንተምሪሑ | ● | ● | ● | | |
| ● መምርሕታት ብዘይ ምስዓብ ምኽንያት ኣብ ልዕሊ ነፍስኻ ወይ ካልኦት ሰባት ማህሰይቲ ብቀጥታ እንተምሪሑ | ● | ● | ● | | |

# ካብ ጉቡእ ወጻእን ዘሪጋ ጠባያትን ናይ ስጉምቲ ደረጃታት

| መፍትሕ፤ ኣቐዲምካ ንዝተጠቕሰ ዝተሓተ ደረጃ ተጠቀም | | | |
|---|---|---|---|
| **ደረጃ 1**. ናይ ክፍሊ ሓገዝን ናይ ተምሃሮ ሓገዝ ወሃቢ ጋንታ፤ ተምሃራይ ቅድም ሕጂ ዝፈጸሞም ተግባራት እንተዘይነበሩ'ሞ፣ ዝተወሰዱ ስጉምትታት እንተ ዘይተነበሩ፣ ጉቡእ ከኸውን ይኽእል | **ደረጃ 2.** *ጉቡእ ኣተገባብራ፤* ንዝርአ ጠባይ መልሲ ንምሃብ ኣብ ክፍሊ ደገፋት ተገይሮም እንተ ነይሮም ግናኸ እቲ ዝርአ ጠባይ ንምህሮ ናይ ተምሃሮን ካልእን ባሉታዊ ምጽላው እንተ ቀጺሉ፣ ጉቡእ ከኸውን ይኽእል | **ደረጃ 3.** *ናይ ሓጺር እዋን እገዳ፤* መኣረሚ ተግባራትን ደገፋትን ተገይሮም እንተነይሮም ግናኸ ዝተርእየ ጠባይ እንተ ተደጊሙን ገዲዱ፣ ጉቡእ ከኸውን ይኽእል | **ደረጃ 4.** *ናይ ነዊሕ እዋን እገዳ ንኽግበር ምሕታት፤* ናይ ተምሃራይ ጠባይ ንደህንነት ናይ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘለዉ ካልኦት ሰባት ኣበርቲዑ ዝጸሉ እንተኾይኑ፣ ጉቡእ ከኸውን ይኽእል |

| ካብ ጉቡእ ወጻኢ ወይ ዘሪጋ ጠባይ | ደረጃ 1 | ደረጃ 2 | ደረጃ 3 | ደረጃ 4 | ናብ ፖሊስ/ማኽበረኮማዊ ኤጀንሲ ሪፈር ክግበር ይኽእል ይኸውን |
|---|---|---|---|---|---|
| **#11. ስዲ ዝኾነ ጠባይ** | | | | | |
| ● ዘይጉቡእ ወስታታት፣ ምልክታት ወይ ርእይቶታት ምግባር ወይ ብዕሉግ ወይ ኣጸያፊ ቃላት ምጥቃም | ● | ● | | | |
| ● ንናይ ቤት ትምህርቲ ሰራሕተኛታት ምጽራፍ ወይ ምንሻው፣ ወይ ምሕሳው፣ ጌጋ ምርሒት ወይ ጉጉይ ሓበሬታ ምሃብ | ● | ● | ● | | |
| ● ንናይ ቤት ትምህርቲ ሰራሕተኛታት ምጽራፍ ወይ ምንሻው፣ ወይ ምሕሳው፣ ጌጋ ምርሒት ወይ ጉጉይ ሓበሬታ ምሃብን፣ እዚ ኸኣ ኣብ ልዕሊ ኻልእ ሰብ ስምዒታዊ ወይ ኣካላዊ ማህሰይቲ እንተስዒቡ | ● | ● | ● | ● | ● |
| **#12. ናይ ኣካዳድና ድምቢ** | | | | | |
| ● ኣብ ገጽ 35 ንዘሎ ናይ ኣከዳድና ድምቢ ተወከስ | ● | ● | | | |
| **#13. ዕጽታት ወይ ቁጽጽር ዝግበረሉ/ሎም ነገር(ራት) (ኣብ ቤት ትምህርቲ፣ ብቤት ትምህርቲ ስፖንሰር ዝግበሩ ንጥፈታት ወይ ንደህንነት ወይ ኩነት ናይ ቤት ትምህርቲ ማሕበረኮም ኣብ ዝጸልዉ ፍጻመታት ኣብ ዝዋስኡሉ እዋናት)** | | | | | |
| ● ኣብ ትሕቲ ጽልዋ | | ● | ● | ● | ● |
| ● ምጥቃም ወይ ምሓዝ | | ● | ● | ● | ● |
| ● ምክፍፋል ወይ ምሻጥ | | | | ● | ● |
| **#14. ጾሊቕካ ምኻድ** | | | | | |
| ● ብዘይ ፍቓድ ንቀጽሪ ቤት ትምህርቲ ገዲፍካ ምኻድ ወይ ኣብ መመሓላለፊ ሆልዋያት፣ ወዘተ ናይ ቤት ትምህርት ዓነይነይ ምባል | ● | ● | | | |
| **#15. ብሓይሊ/ኣገዲድካ ምውሳድ (ማለት፣ ብሓይሊ ብግልጺ እናርኤኻ ወይ እናኣመትካ፣ ካብካልእ ሰብ (ገንዘብ ወይ ንብረት) ምውሳት ወይ ንምውሳድ ምፍታን)** | | | | | |
| ● PreK ክሳዕ 4ይ ክፍሊ | | ● | ● | | |
| ● 5ይ ክሳዕ 12 ክፍልታት | | | ● | ● | ● |
| **#16. ነቲ ናይ ባርዕ ሓዊ በሐበሪ ደወል ኾን ኢልካ ምውላዕ** | | | | | |
| ● PreK ክሳዕ 4ይ ክፍሊ | | ● | ● | ● | ● |
| ● 5ይ ክሳዕ 12 ክፍልታት | | ● | ● | ● | ● |
| **#17. ምብኣስ** | | | | | |
| ● ምስ ካልእ ተምሃራይ ዝግበር ኣካላዊ ጎንጺ (ማለት፣ ነው ምባል ምድፋእ) | ● | ● | | | |
| ● ነኣሽቱ ባእስታት (ነኣሽቱ ማህሰይትታት ከስዕቡ ዝኽእሉ) | ● | ● | ● | | |

# ካብ ጉቡእ ወጻእን ዘሪጋ ጠባያትን ናይ ስጉምቲ ደረጃታት

**መፍትሕ፤ ኣቐዲምካ ንዝተጠቕሰ ዝተሓተ ደረጃ ተጠቐም**

| | | | |
|---|---|---|---|
| **ደረጃ 1.** ናይ ክፍሊ ሓገዝን ናይ ተምሃሮ ሓገዝ ወሃቢ ጋንታ፤ ተምሃራይ ቅድም ሕጂ ዝፈጸሞም ተግባራት እንተዘይነበሩ'ሞ፣ ዝተወሰዱ ስጉምትታት እንተ ዘይተነበሩ፣ ጉቡእ ክኸውን ይኽእል | **ደረጃ 2.** *ጉቡእ ኣተገባብራ፤* ንዝርአ ጠባይ መልሲ ንምሃብ ኣብ ክፍሊ ደገፋት ተገይሮም እንተ ነይሮም ግናኸ እቲ ዝርአ ጠባይ ንምህሮ ናይ ተምሃሮን ካልእን ባሉታዊ ምጽላው እንተ ቀጺሉ፣ ጉቡእ ክኸውን ይኽእል | **ደረጃ 3.** *ናይ ሓጺር እዋን እገዳ፤* መኣረሚ ተግባራትን ደገፋትን ተገይሮም እንተነይሮም ግናኸ ዝተርአየ ጠባይ እንተ ተደጊሙን ገዲዱ፣ ጉቡእ ክኸውን ይኽእል | **ደረጃ 4.** *ናይ ነዊሕ እዋን እገዳ ንኽግበር ምሕታት፤* ናይ ተምሃራይ ጠባይ ንደህንነት ናይ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘለዉ ካልኦት ሰባት ኣበርቲዑ ዝጸሉ እንተኾይኑ፣ ጉቡእ ክኸውን ይኽእል |

| ካብ ጉቡእ ወጻኢ ወይ ዘሪጋ ጠባይ | ደረጃ 1 | ደረጃ 2 | ደረጃ 3 | ደረጃ 4 | ናብ ፖሊስ/ማሕበረኮማዊ ኤጀንሲ ሪፈር ክግበር ይኽእል ይኸውን |
|---|---|---|---|---|---|
| **#18. ሓዊ/ባርዕ ሓዊ ምጅማር** | | | | | |
| ●ኾን ኢልካ ሓዊ ምጅማር፣ ሓዊ ጀሚርካ ኣብ ልዕሊ ንብረት ዕንወት ምውራድ | | | • | • | • |
| **#19. ጠላዕ ምጽዋት** | | | | | |
| ● ገንዘብ ምጥቃም ወይ ንብረት ምቅይያር ዝሓትት | • | • | • | | |
| **#20. ኣብ ሆልዊያት ዘይጉቡእ ጠባያት** | | | | | |
| ● ምጉያይ፣ ካብ ጉቡእ ንላዕሊ ድምጺ፣ ወይ ዓነድነድ ምባል | • | • | | | |
| **#21. ብምኽንያት ዘርኢ፣ ቀቢላ፣ ጾታ፣ ጾታዊ ዝንባለ፣ ስንክልና ወይ ሃይማኖት ዝግበር ምግፋዕ (ኣንጻር ካልእ ናይ ቤት ትምህርቲ ማሕበረኮም ኣባል ዝግበር ናይ ሳይበር-ቡልዪንግ ወሲኽካ)** | | | | | |
| ● ንእስ ዝበለ ናይ ምግፋዕ ተግባር | • | • | | | |
| ● ብርቱዕ ናይ ምግፋዕ ተግባር (ማለት፣ ቀጻሊ ወይ ንነዊሕ እዋን ዝቀጸለ ናይ ምግብፋዕ ተግባር) | | • | • | • | • |
| **#22. ብጽልኢ ምኽንያት ዝፍጸም ገበን** | | | | | |
| ● ሓደ ገበነኛ ኣንጻር ሓደ ዘርኢ፣ ሃይማኖት፣ ስንክልና፣ መበቆል ዓሌት፣ ወይ ጾታዊ ዝንባለ ብዘለዎ ጽልኢ ምኽንያት፣ ኣንጻር ሰብ ወይ ንብረት ዝገብሮ ገበናዊ መጥቃዕቲ፣ ከምኡ ውን ጽልኢ ዝተመልአ መደረ | | • | • | • | • |
| **#23. ረብሻ ምልዕዓል ወይ ኣብኡ ምስታፍ** | | | | | |
| ● ኣብ ውሽጢ ቤት ትምህርቲ ንምህሮ ኣድላዪ ንዝኾነ ስነስርዓትን ዲሲፒሊንን ዝዘርግ፣ ካብ ክፍሊ ወጻኢ (ካፌቴሪያ፣ ሆልዊይ፣ ላይብረሪ፣ ኣውቶቡስ፣ ወዘተ) ዕግርግር ክፈጥር ዝኽእል ዓቢ ናዕቢ ምልዕዓል | | • | • | • | • |
| ● ናይ ብሕቲ ናይ መራኸቢ ናውቲ ተጠቒምካ ካልኦት ረብሻ ንኽላዕሉ ምጉስጓስ | | • | • | • | • |

# ካብ ጉቡእ ወጻእን ዘሪጋ ጠባያትን ናይ ስጉምቲ ደረጃታት

| መፍትሕ፤ ኣቐዲምካ ንዝተጠቕሰ ዝተሓተ ደረጃ ተጠቀም | | | |
|---|---|---|---|
| **ደረጃ 1.** ናይ ክፍሊ ሓገዝን ናይ ተምሃሮ ሓገዝ ወሃቢ ጋንታ፤ ተምሃራይ ቅድም ሕጂ ዝፈጸሞም ተግባራት እንተዘይነበሩ'ሞ፣ ዝተወስዱ ስጉምትታት እንተ ዘይተነበሩ፣ ጉቡእ ክኸውን ይኽእል | **ደረጃ 2.** ጉቡእ ኣተገባብራ፤ ንዝርአ ጠባይ መልሲ ንምሃብ ኣብ ክፍሊ ደገፋት ተገይሮም እንተ ነይሮም ግናኸ እቲ ዝርአ ጠባይ ንምህሮ ናይ ተምሃሮን ካልእን ባሉታዊ ምጽላው እንተ ቀጺሉ፣ ጉቡእ ክኸውን ይኽእል | **ደረጃ 3.** ናይ ሓጺር እዋን እገዳ፤ መኣረሚ ተግባራትን ደገፋትን ተገይሮም እንተነይሮም ግናኸ ዝተርእየ ጠባይ እንተ ተደጊሙን ገዲዱ፣ ጉቡእ ክኸውን ይኽእል | **ደረጃ 4.** ናይ ነዊሕ እዋን እገዳ ንኽግበር ምሕታት፤ ናይ ተምሃራይ ጠባይ ንደህንነት ናይ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘለዉ ካልኦት ሰባት ኣበርቲዑ ዝጸሉ እንተኾይኑ፣ ጉቡእ ክኸውን ይኽእል |

| ካብ ጉቡእ ወጻኢ ወይ ዘሪጋ ጠባይ | ደረጃ 1 | ደረጃ 2 | ደረጃ 3 | ደረጃ 4 | ናብ ፖሊስ/ማኽበረኮማዊ ኤጀንሲ ሪፈር ክግበር ይኽእል ይኸውን |
|---|---|---|---|---|---|
| **#24. ብኣፍ ዝስሓቡ (ኢንሄላንትስ)** | | | | | |
| ● ኣብ ትሕቲ ጽልዋ – ሓደ ተምሃራይ ኣብ ትሕቲ ጽልዋ ወይ ብኣፍ ተሳሓቢ ክጥቀም እንተ ተረኺቡ ናይ ሕክምና ሰራሕተኛታት ብቁልጡፍ ክሕበሩ ይግባእ | | ● | ● | ● | ● |
| ● ምጥቃም ወይ ሒዝካ ምርኻብ | | ● | ● | ● | ● |
| ● ምክፍፋል ወይ ምሻጥ | | | | ● | ● |
| **#25. ምስ ናይ ቤት ትምህርቲ ሰራሕተኛ/ናይ BPS-ኣባል ዘይኮነ ዓቢ ሰብ  ኣካላዊ ምትንኻፍ (ንበጻሕቲ ናይ ቤት ትምህርቲ፣ ማሕበረኮማዊ መሻርኽቲ፣ ናይ ቅድሚን ድሕሪ ትምህርቲ ወሃብቲ ኣገልግሎት ወሲኽካ)** | | | | | |
| ● ዘይተሓሰበ ሃንደበታዊ ኣካላዊ ምትንኻፍ ምስ ናይ ቤት ትምህርቲ ሰራሕተኛ | ● | ● | | | |
| ● ኣብ ልዕሊ ናይ ቤት ትምርህርቲ ሰራሕተኛ መጥቃዕቲ ምፍጻም፣ ኣብ ልዕሊ ናይ Buffalo Public Schools ሰራሕተኛ ወይ ካልእ ዓቢ ሰብ ኣካላዊ መጥቃዕቲ ምፍጻም፣ ከምኡ ውን ባእሲ። ወይ ካልእ ዘይምርድዳእ ክዓርቕ ኣብ መንጎ ንዝኣቱ ምህራም ወሲኽካ። | | | ● | ● | ● |
| **#26. ክንቃሳቀሱ ዝኽእሉ ናይ ኤሌክትሮኒክስ ናውቲ** | | | | | |
| ● ፍቓድ ኣብ ዘይተዋህበሎም እዋናት ሴልፎናት፣ PDAታት፣ iPodዳት፣ ኤሌክትሮኒክ ናይ ጌም መጻወቲ ምጥቃም። ኣብ ቀዳማይ ጥሕሰት፣ ተምሃሮ መጠንቀቕታ ጥራሕ እዮም ክውሃቡ ዘለዎም። ድሕሪ እቲ ቀዳማይ መጥሓስቲ እዩ ናይ ደረጃ 1 ስጉምቲ ክውሰደሉ ዝኽእል። ኣብ ካልኣይ መጥሓስቲ፣ ናብ ሰላዲ ምልክታ ክስደድ ኣለዎ። ናይ ቤት ትምህርቲ ኣመራርሓ፣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ደህንነት ከበራታትዑ ዝኽእሉ ኣከያይዳታት ኣብ ግብሪ ኸውዕሉ ይኽእሉ፤ ተምሃሮ ናብ ቤት ትምህርቲ ክኣትዉ ኸልወኡ ሴልፎኖም ምእካብ ብድሕሪኡ ኸኣ ኣብ መወዳእታ መዓልቲ ትምህርቲ ክመልሱሎም ዘኽእሎም ሲስተም ምድላው። | ● | ● | | | |
| ● ኣብ ልዕሊ ኻልእ ሰብ ኣካላዊ ወይ ስምዒታዊ ማህሰይቲ ይመርሑ ወይ ብቐጥታ ከስዕቡ የኽእሉ እዮም ብዝተባህለሎም ኣገባብ ናይ ኤሌክትሮኒክ ናውቲ ምጥቃም | | ● | ● | ● | ● |

## ካብ ጉቡእ ወጻእን ዘሪጋ ጠባያትን ናይ ስጉምቲ ደረጃታት

| መፍትሕ፤ ኣቐዲምካ ንዝተጠቕሰ ዝተሓተ ደረጃ ተጠቀም | | | |
|---|---|---|---|
| **ደረጃ 1.** ናይ ክፍሊ ሓገዝን ናይ ተምሃሮ ሓገዝ ወሃቢ ጋንታ፤ ተምሃራይ ቅድም ሕጂ ዝፈጸሞም ተግባራት እንተዘይነበሩ'ሞ፣ ዝተወሰዱ ስጉምትታት እንተ ዘይተነበሩ፣ ጉቡእ ክኸውን ይኽእል | **ደረጃ 2.** ጉቡእ ኣተገባብራ፤ ንዝርአ ጠባይ መልሲ ንምሃብ ኣብ ክፍሊ ደገፋት ተገይሮም እንተ ነይሮም ግናኸ እቲ ዝርአ ጠባይ ንምህሮ ናይ ተምሃሮን ካልእን ባሉታዊ ምጽላው እንተ ቀጺሉ፣ ጉቡእ ክኸውን ይኽእል | **ደረጃ 3.** ናይ ሓጺር እዋን እገዳ፤ መኣረሚ ተግባራትን ደገፋትን ተገይሮም እንተነይሮም ግናኸ ዝተርእየ ጠባይ እንተ ተደጊሙን ገዲዱ፣ ጉቡእ ክኸውን ይኽእል | **ደረጃ 4.** ናይ ነዊሕ እዋን እገዳ ንኽግበር ምሕታት፤ ናይ ተምሃራይ ጠባይ ንደህንነት ናይ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘለዉ ካልኦት ሰባት ኣበርቲዑ ዝጸሉ እንተኾይኑ፣ ጉቡእ ክኸውን ይኽእል |

| ካብ ጉቡእ ወጻኢ ወይ ዘሪጋ ጠባይ | ደረጃ 1 | ደረጃ 2 | ደረጃ 3 | ደረጃ 4 | ናብ ፖሊስ/ማኽበረኮማዊ ኤጀንሲ ሪፌር ክግበር ይኽእል ይኸውን |
|---|---|---|---|---|---|
| **#27. ንብረት ምዕናው፣ ግራፊቲ ወሲኽካ** | | | | | |
| ● ንእሽቶይ ወይ ሃንደበት ዝተፈጸመ ጉድኣት (ትሕቲ $50) | ● | ● | | | |
| ● ኣብ ናይ ካልእ ሰብ ወይ ቤት ትምህርቲ ዘጋጠመ ጉድኣት | | ● | ● | ● | ● |
| **#28. ብዘይ ፍቓድ ናይ ቤት ትምህርቲ መሳርሒ ምጥቃም** | | | | | |
| ● ኮምፒተራት፣ ፋክስ ማሺን፣ ስልኪ ወዘተ | ● | ● | | | |
| **#29. ብርትዕ ዝበለ ኣካላዊ ማህሰይቲ** | | | | | |
| ● ናብ ሞት ሓደጋ ከብጽሕ ወይ ዘላቂ ወይ ብርቱዕ ምብልሻው ኣካላት፣ ንገለ ክፋል ወይ ንሙሉእ ኣካል ናይ ምንቅስቓስ ተኽእሎ ምስኣን ወይ ናይ ስኾነ ክፍሊ ኣካላት ኣገልግሎት ምስኣን ዘስዕብ | | | ● | ● | ● |
| **#30. ወሲባዊ መጥቃዕቲ ወይ ገበን** | | | | | |
| ● ብሓይሊ ዝፍጸም ወሲባዊ ተግባር- ዝኾነ ወሲባዊ መጥቃዕቲ እንተ ተፈጺሙ፣ ናይ ቤት ትምህርቲ ሰራሕተኛታት ብቁልጡፍ ምስ Buffalo Police ክራኸቡ ኣለዎም | | | | ● | ● |
| **#31. ኣብ ጾታ ዝተመስረተ ገበን** | | | | | |
| ● ጾታዊ ምግፋዕ (ማለት፣ ዘይተደልዩ ጾታዊ ምቅርራባት፣ ወሲባዊ ጠለባት ምግባር፣ ካልእ ጉቡእ ዘይኮኑ ብቃል፣ ብጽሑፍ ወይ ብኣካል ዝክበሩ ወሲባዊ ግብርታት) | | ● | ● | ● | ● |
| ● ጾታዊ ተግባራት ወይ ጾታዊ ጌባ ግብርታት (ማለት፣ ኣግባብ ብዘይብሉ ኩነት ምቅላዕ፣ ወሲባዊ ተግባር ምፍጻም፣ ወዘተ) (PreK ክሳዕ 4ት ክፍሊ) | ● | ● | ● | ● | ● |
| ● ጾታዊ ተግባራት ጾታዊ ጌባ ግብርታት ( 5 ክሳዕ 12 ክፍሊ) | | ● | ● | ● | ● |
| **#32. ምድንጓይ** | | | | | |
| ● ናብ ክፍሊ ወይ ቤት ትምህርቲ ዝፍጸም ቀጻሊ ወይ ካብ ጉቡእ ንላዕሊ ወይ ምድንጓይ | ● | ● | | | |
| **#33. ናይ ጉቡእ ኣጠቓቕማ ቴክኖሎጂ ፖሊሲ ምጥሓስ** | | | | | |
| ● ናይ እዞም *መምርሕታት* ዝርዝር ንምርካብ ኣብ ገጽ 9 ተወከሱ | ● | ● | | | |
| **#34. ኣንጻር ናይ ቤት ትምህርቲ ሰራሕተኛ ናይ ምፍርራሕ ተግባር (ብኣካል ምውጥዋጥ፣ ብጽሑፍ ምፍርራሕ ወይ ብቃል ምፍርራሕ)** | | | | | |
| ● PreK ክሳዕ 4ይ ክፍሊ | ● | ● | ● | ● | ● |
| ● 5ይ ክሳዕ 12 ክፍልታት | | ● | ● | ● | ● |

## ካብ ጉቡእ ወጻእን ዘሪጋ ጠባያትን ናይ ስጉምቲ ደረጃታት

**መፍትሕ፤ ኣቐዲምካ ንዝተጠቕሰ ዝተሓተ ደረጃ ተጠቀም**

| **ደረጃ 1.** ናይ ክፍሊ ሓገዝን ናይ ተምሃሮ ሓገዝ ወሃቢ ጋንታ፤ ተምሃራይ ቅድም ሕጂ ዝፈጸሞም ተግባራት እንተዘይነበሩ’ሞ፣ ዝተወሰዱ ስጉምትታት እንተ ዘይተነበሩ፣ ጉቡእ ክኸውን ይኽእል | **ደረጃ 2.** ጉቡእ ኣተገባብራ፤ ንዝርአ ጠባይ መልሲ ንምሃብ ኣብ ክፍሊ ደገፋት ተገይሮም እንተ ነይሮም ግናኸ እቲ ዝርአ ጠባይ ንምህሮ ናይ ተምሃሮን ካልእን ባሉታዊ ምጽላው እንተ ቀጺሉ፣ ጉቡእ ክኸውን ይኽእል | **ደረጃ 3.** ናይ ሓጺር እዋን እገዳ፤ መኣረሚ ተግባራትን ደገፋትን ተገይሮም እንተነይሮም ግናኸ ዝተርእየ ጠባይ እንተ ተደጊሙን ገዲዱ፣ ጉቡእ ክኸውን ይኽእል | **ደረጃ 4.** ናይ ነዊሕ እዋን እገዳ ንኽግበር ምሕታት፤ ናይ ተምሃራይ ጠባይ ንደህንነት ናይ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘለዉ ካልኦት ሰባት ኣበርቲዑ ዝጸሉ እንተኾይኑ፣ ጉቡእ ክኸውን ይኽእል |
|---|---|---|---|

| ካብ ጉቡእ ወጻኢ ወይ ዘሪጋ ጠባይ | ደረጃ 1 | ደረጃ 2 | ደረጃ 3 | ደረጃ 4 | ናብ ፖሊስ/ማኸበረኮማዊ ኤጀንሲ ሪፌር ክግበር ይኽእል ይኸውን |
|---|---|---|---|---|---|
| **#35. ስርቂ** | | | | | |
| ● ትሕቲ $500 | | ● | ● | | |
| ● ካብ $500 ንላዕሊ (ኣብ PreK ወይ Kindergarten ንዘለዉ ተምሃሮ ፖሊስ ምጽዋዕ ኣይንመክርን) | | | ● | ● | ● |
| **#36. ትምባኾ ምሓዝ ወይ ምጥቃም** | | | | | |
| ● ናይ ቤት ትምህርቲ ሰራሕተኛታት ንተምሃሮ ናብ ጉቡእ ናይ ብዘይ ጉቡእ ዕጸ ኣጠቃቕማ ካውንስሊንግ ሪፈር ክገብሩዎም ይሕተቱ | ● | ● | | | |
| **#37. ጥሒስካ ምእታው** | | | | | |
| ● ብዘይ ፍቓድ ኣብ ቀጽሪ ቤት ትምህርቲ ምህላው፣ ማለት ተኣጊድካ ወይ ተባሪርካ ከለኻ ወሲኻ፣ ንሱ ኸኣ ሴርካ ምእታው ውን የካትት | | ● | ● | ● | ● |
| **#38. ብዘይ ፍቓድ ምሻጥ ወይ ምዕዳል (ማለት፣ ብጀካ ኣብዚ ኮድ ብዝተፈቕዱ መገዲ፣ ብዘይ ፍቓድ ወይ ካብ ፍቓድ ዘይተዋህበሉ ንብረታት ናይ ምሻጥ ወይ ምዕዳል ተግባር)** | | | | | |
| ● ሒደት ዋጋ ዘለዎም ነገራት (ትሕቲ $50) | ● | ● | | | |
| ● ልዑል ዋጋ ዘለዎም ነገራት | | ● | ● | | |
| **#39. ንተምሃራይ ብቃል ወይ ብኣካል ምፍርራሕ** | | | | | |
| ● ኣብ ልዕሊ ካልእ ተምሃራይ ዘቅንዐ ናይ ምፍርራሕ ወይ ምጥቃዕ ቋንቋ ወይ ተግባራት | ● | ● | ● | | |

## ካብ ጉቡእ ወጻእን ዘሪጋ ጠባያትን ናይ ስጉምቲ ደረጃታት

**መፍትሕ፤ ኣቐዲምካ ንዝተጠቕሰ ዝተሓተ ደረጃ ተጠቀም**

| **ደረጃ 1.** ናይ ክፍሊ ሓገዝን ናይ ተምሃሮ ሓገዝ ወሃቢ ጋንታ፤ ተምሃራይ ቅድም ሕጂ ዝፈጸሞም ተግባራት እንተዘይነበሩ'ሞ፣ ዝተወስዱ ስጉምትታት እንተ ዘይተነበሩ፣ ጉቡእ ክኸውን ይኽእል | **ደረጃ 2.** ጉቡእ ኣተገባብራ፤ ንዝርአ ጠባይ መልሲ ንምሃብ ኣብ ክፍሊ ደገፋት ተገይሮም እንተ ነይሮም ግናኸ እቲ ዝርአ ጠባይ ንምህሮ ናይ ተምሃሮን ካልእን ባሉታዊ ምጽላው እንተ ቀጺሉ፣ ጉቡእ ክኸውን ይኽእል | **ደረጃ 3.** ናይ ሓጺር እዋን እገዳ፤ መኣረሚ ተግባራትን ደገፋትን ተገይሮም እንተነይሮም ግናኸ ዝተርእየ ጠባይ እንተ ተደጊሙን ገዲዱ፣ ጉቡእ ክኸውን ይኽእል | **ደረጃ 4.** ናይ ነዊሕ እዋን እገዳ ንኽግበር ምሕታት፤ ናይ ተምሃራይ ጠባይ ንደህንነት ናይ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘለዉ ካልኦት ሰባት ኣበርቲዑ ዝጸሉ እንተኾይኑ፣ ጉቡእ ክኸውን ይኽእል |
|---|---|---|---|

| ካብ ጉቡእ ወጻኢ ወይ ዘሪጋ ጠባይ | ደረጃ 1 | ደረጃ 2 | ደረጃ 3 | ደረጃ 4 | ናብ ፖሊስ/ማኽበረኮማዊ ኤጀንሲ ሪፈር ክግበር ይኽእል ይኸውን |
|---|---|---|---|---|---|
| **#40. መሳርያታት፣ ሽጓጉጥን ነተጉትን** | | | | | |
| ● ነተጉቲ (ብጀካ ሽጉጥ፣ ንፋየርክራከርስ፣ ናይ ትኪ ቡምባታት ዝኣመሰሉ፣ ፍሌርስ ወይ ካልእ ዝኾኑ ተባራዕቲ ወይ ነተጉቲ ነገራት ወይ ዝተፈላለዩ እክባት ናይ ነገራት ወይ ኣቅሑ ወሲኽካ፣ ንዝኾነ ከባራዕ ወይ ክነቱግ ዝኽእል ነገር ወይ ኣቕሓ ምሓዝ፣ ምሻጥ፣ ምዕዳል፣ምትኳስ፣ ወይ ምፍርራሕ።) | | | ● | ● | ●<br>ናብ ፖሊስ ሪፈር ግግበር ኣለዎ |
| ● ሽጓጉጥ (ብመሰረት 18 USC 921 ናይ ፌደራል ኮድ ዝተገልጹ ሽጓጉጥ – ማለት፣ ጠመንጃ፣ ብረት፣ ቅንጽልን ቦንብታትን ሒዝካ ምርኻብ) | | | | ● | ●<br>ናብ ፖሊስ ሪፈር ግግበር ኣለዎ |
| ● ካልእ ዓይነት ሽጓጉጥ (ዝኾነ ዓይነት ዝኾነ፣ ጥይት ዘለዎ ወይ ዘይብሉ፣ ዝሰርሕ ወይ ዘይሰርሕ፣ ከምኡ ውን ናይ ሽጉጥ-መልክዕ ዘለዎ ግናኸ ሽጉጥ ዘይኮነ፣ ወዘተ፣ ቢቢ ጋን፣ ፓሌት ጋን፣ ዋተር ጋን፣ ወዘተ ዝኣመሰሉ ዝኾኑ ዓይነት ሽጉጣት ምሓዝ) | | | ● | ● | ● |
| ● ካልእ ዓይነት መሳርያታት (ዝኾነ ኣካላዊ ማህሰይቲ ከብጽሕ ዝኽእል መሳርያ፣ ካልእ ዓይነት ተተኳሲ፣ ወይ ካልእ ሽጉጥ ምሓዝ)። ብመሰረት ናይ ስቴት ምስ ብረት ዝራኸብ ገበን ምጥሓስ ሕጊ ትእዛዝ መሰረት፣ ካብ ሓደ ናይ ካሌንዳር ዓመት ንዘይውሕድ ምስጓግ፣ ግናኸ ጉዳይ ሓደ ብሓደ እና ተራእየ ብ Buffalo Public Schools ክመሓየሽ ይኽእል እዩ | | | ● | ● | ●<br>ናብ ፖሊስ ሪፈር ግግበር ኣለዎ |
| ● ነተጉቲ (ንፋየርክራከርስ፣ ናይ ትኪ ቡምባታት ዝኣመሰሉ፣ ፍሌርስ ወይ ካልእ ዝኾኑ ተባራዕቲ ወይ ነተጉቲ ነገራት ወይ ዝተፈላለዩ እክባት ናይ ነገራት ወይ ኣቅሑ ወሲኽካ፣ ንዝኾነ ከባራዕ ወይ ክነቱግ ዝኽእል ነገር ወይ ኣቅሓ ምሓዝ፣ ምሻጥ፣ ምዕዳል፣ምትኳስ፣ ወይ ምፍርራሕ።) | | | ● | ● | ●<br>ናብ ፖሊስ ሪፈር ግግበር ኣለዎ |

**ሓደ ተምሃራይ ወይ ወሃብ ክንክን ካብ ቤት ትምህርቲ ወጻኢ ደገፍ ወይ ኣገልግሎታት ዘድልዮዎ እንተ ኾይኖም እዞም ዝስዕቡ ቤት ጽሕፈታት ክሕግዙ ይኽእሉ፤**

*ካልእ ናይ ምህሮ ኣማራጺ ንኽግበረልኩም ናብ ናይ ዉሉድኩም ቤት ትምህርቲ ደውሉ*

| | |
|---|---|
| District Alternate Instruction (ሓፈሻዊ ሕቶታት) | 816-3133 |
| Attendance Supports | 816-3593 |
| Guidance and Counseling | 816-3702 |
| Medical Leave Home Instruction | 816-3133 |
| Home Schooling Office | 816-3106 |
| Homeless Education Program | 816-3717 |
| Neglected and Delinquent At-Risk Youth Program | 816-3172 |
| Pupil Personnel/Suspension Hearings | 816-3547 |
| Student Placement/Registration | 816-3717 |
| Buffalo Public Schools Switchboard Operator | 816-3500 |
| Multilingual Education | 816-3577 |
| Office of Parent Advocacy | 816-4678 |
| Office of Parent and Family Engagement | 816-3170 |
| Security | 816-3707 |
| Special Education | 816-3060 |
| (ነዚኣቶም ወሲኺካ፤ Pre-School፣ Student Placement & Parent Services) | |
| Superintendent's Office | 816-3575 |

**ዉሉድኩም ኣብ ካልእ ኣማራጺ ናይ ምህሮ ዓይነት ይሳተፍ እንተሎ፣ ምድቡ ንምፍላጥ ናብ ቤት ትምህርቱ ንኽትድውሉ ይግባእ**

# 2022-2023

## ናይ ትምህርቲ ቦርድ ኣባላት

Mr. Louis Petrucci
ኣቦ መንበር
ናይ ፓርክ ዲስትሪክት ኣባል

Dr. Ann Rivera
ምኽትል ኣቦ መንበር ናይ ኣፈጻሚ ጉዳያት
ናጻ ኣባል ቦርድ

Dr. Kathy Evans-Brown
ምኽትል ኣቦ በምበር ናይ ተምሃራይ ዓወታት
ናይ ምብራቓዊ ዲስትሪክት ኣባል

Mr. Terrance Heard
ኣቦ መንበር ናይ ትምህርታዊ ደገፍt
ናጻ ኣባል ቦርድ

Mrs. Paulette Woods
ኣቦ መንበር ናይ ፋይናንስ ዕማማትን
ናይ ማእከላይ ዲስትሪክት ኣባል

# 2022-2023
# ናይ ትምህርቲ ቦርድ ኣባላት

Mrs. Sharon Belton-Cottman
ናይ ፈሪ ዲስትሪክት ኣባል

Ms. Hope Jay
ናይ ሰሜናዊ ዲስትሪክት ቦርድ ኣባል

Ms. Jennifer Mecozzi
ናይ ምዕራባዊ ዲስትሪክት ቦርድ ኣባል

Mr. Lawrence Scott
ናጻ ቦርድ ኣባል

Miss Jasmine Cameron
ናይ ተምሃራይ ቦርድ ኣባል/
ወኪል ተምሃራይ

**Buffalo Public Schools**

Tonja M. Williams, Ed.D.
ናይ Buffalo Public Schools ናይ ቤት ትምህርትታት ኣመሓዳሪት

Sharon E. Brown, Ed.D.
ናይ ተምሃራይ ደገፍ ኣገልግሎታት ምኽትል ናይ ቤት ትምህርትታት ኣመሓዳሪት

Orniece Hill
ናይ ተምሃራይ ደገፍ ኣገልግሎታት ምኽትል ናይ ቤት ትምህርትታት ኣመሓዳሪት

www.buffaloschools.org

ናይ Board of Education ብምኽንያት ዕድመ፣ እምነት፣ ስንክልና፣ ኩነት ሓዳር፣ መበቆል ሃገር፣ ዘርኢ፣ ሕብሪ፣ ጾታ ወይ ጾታዊ ዝንባለ፣ ኣብ ናይ ትምህርቲ ፕሮግራማት፣ ኣገልግሎታት ወይ ንጥፈታት ምድላው ኣይገብርን እዩ።

ናይ ዘይምድላው ፖሊሲ ኣመልኪቱ ዝህልዉ ሕቶታት ናብ Tami Hollie-McGee, Chief of Human Resources፣ 720 City Hall፣ Buffalo፣ NY 14202 ክስደዱ ወይ ብስልኪ ቁጽሪ 716-816-3500 ደዊልካ ክግበሩ ይግባእ።

www.buffaloschools.org